ንስኻትኩም መምህርን ጐይታን ትብሉኒ አሎኹም ፣ አነ ከምኡ እየ እሞ ፣ ጽቡቕ በልኩም ። ዮሃንስ ፲፫ ፣ ፲፫ ።

ንሱ ኸአ ፣ ንስኻትኩም ካብ ታሕቲ ኢኹም ፣ አነ ካብ ላዕሊ እየ ። ንስኻትኩም ካብዛ ዓለም እዚአ ኢኹም ፣ አነ ካብዛ ዓለም እዚአ አይኰንኩን ። ዮሃንስ ፰ ፣ ፳፫ ።

የሱስ ከአ ፣ አነ ፣ አብርሃም ከይተወልደ ፣ ከም ዘሎኹ ፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ በሎም ። ዮሃንስ ፰ ፣ ፶፰ ።

አነ አብ ዓለም ከሎኹ ፣ ብርሃን ዓለም እየ ፣ ኢሉ መለሰሎም ። ዮሃንስ ፱ ፣ ፭ ።

ሽው የሱስ ከም ብሓድሽ በሎም ፣ እቲ ደገ አባጊዕ አነ ከም ዝኾንኩ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ ። ዮሃንስ ፲ ፣ ፯ ።

የሱስ በሎም ፣ እንጌራ ህይወት አነ እየ ፣ ናባይ ዚመጽእ አይጠምን ፣ ብአይ ዚአምን ከአ ከቶ አይጸምእን እዩ ። ዮሃንስ ፮ ፣ ፴፭ ።

## የሱስ ዝፈጸሞም ትእምርትታት ።

እቶም ሰብውን አብ ሳዕሪ ኪቕመጡ አዘዘ ። ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን አልዒሉ ፣ ናብ ሰማይ ገጹ ቍልሖ በለ ፣ ባረኸ ቈረሱ ንደቀ መዛሙርቱ ሃበም ፣ ንሳቶም ከአ ነቶም ሰብ ሃብዎም ። ኵሎም በሊዖም ጸገቡ ። እቲ ዝተረፈ ቍርስራስ ድማ ዓሰርተው ክልተ መሶብ መሊኦም አልዓሉ ። እቶም ዚበልዑ ብዘይ አንስትን ቈልዑን ፣ አስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብአይ ነበሩ ። ማቴዎስ ፲፬ ፣ ፲፱ - ፳፩ ።

ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እዩ ዝነብር ዘሎ ኹ ።
ገላትያ ፪፥፳ ።

ካብ ዒላታት ምድሓን ከኣ ብደስታ ማይ ክትቀድሑ ኢኹም ። ኢሳይያስ ፲፪፥፫ ።

ሓጕሰይ ኣብኻትኩም ምእንቲ ኪጸንዕ፡ ሓጕስኩምውን ኪፍጸምሲ፡ እዚ ነገርኩኹም ። ዮሃንስ ፲፭፥፲፬ ።

ንመገዲ ህይወት ትሕብረኒ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጐስ ጽጋብ ኣብ የማንካውን ንዘለኣለም ብጽእና ኣሎ ። መዝሙር ዳዊት ፲፮፥፲፩ ።

## ንኣምላኽ ምእዛዝ ኣድላዪ እዩ ።

ግናኸ ንቓል እግዚኣብሄር እንተ ዘይሰማዕኩም፡ ንትእዛዛት እግዚኣብሄርውን እንተ ኣቤኹምዎ፡ ሽዑ ኢድ እግዚኣብሄር ከምቲ ነቦታትኩም እተጻረረት ንኣኻትኩም ድማ ክትጻረረኩም እያ ። ፩ ሳሙኤል ፲፪፥፲፬ ።

ንምእዛዙ ባሮት ክትኰኑ ርእስኹም ንትህብዎ፡ ንሓጢኣት እንተ ኾይኑ ንሞት፡ ንምእዛዝ እንተ ኾይኑ ንጽድቂ፡ ነቲ ትእዘዝዎስ ባሮቱ ኸም ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ሮሜ ፮፥፲፮ ።

በቲ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ካብ ሰማይ ምስ መላእኽቲ ስልጣኑ ንኣኻትኩም ጸቢቡኩም ዘሎን ምሳና ዕረፍቲ፡ ነቶም ዜጸብቡልኩም ዘሎዉ ጸበባ ኪፈዲ፡ ብኣምላኽ ቅኑዕ እዩ እሞ፡ ነቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጥዎን ንወን

ኣይክኸውንን፣ ድሕሪ ደጊም ውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይክኸውንን እዩ፣ ኢሉ ክሉ ሰማዕኩ። ራእይ ዮሃንስ ፳፩ ፥ ፬ ።

ኣቱም ፍቁራተይ፣ ብቲ ንምፍታን ዚረኸበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፣ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኳንኩም ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጎሱን ባህ ኪትብሉንን ኢኹም እሞ፣ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ ትኾኑስ ተሓጎሱ ድኣ። ፩ ጴጥሮስ ፬ ፥ ፲፪-፲፫ ።

ብእግዚኣብሄር ተማዕቈብ ሰናይ ድማ ግበር፣ ኣብታ ሃገር ተቐመጥ፣ እምነት ከኣ ድለ። መዝሙር ዳዊት ፴፯ ፥ ፫።

## ተስፋታት ንዝተፈተኑ ።

ንሱ ባዕሉ ኪፍተን ከሎ ተሰቀዩ እዩ እሞ፣ ነቶም ዚፍተኑ ኪረድኦም ይከኣሎ እዩ። እብራውያን ፪ ፥ ፲፰ ።

ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ፣ ኣብ ትሕቲ እግርኹም፣ ኪቕጥቅጦ እዩ። ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም ይኹን። ሮሜ ፲፮ ፥ ፳ ።

ናይ ጻድቕ መከራ ብዙሕ እዩ፣ እግዚኣብሄር ግና ካብ ኵሉ የናግፎ። መዝሙር ዳዊት ፴፬ ፥ ፲፱ ።

ብማያት ምስ እትሓልፍ፣ ምሳኻ ክኸውን እየ፣ ብውሒዝ ምስ ትሳገር ከኣ ኣይክዋሕለክን እዩ፣ ብሓዊ ምስ ትኸይድ ኣይክትነድድን ኢኻ፣ ሃልሃልታውን ኣይኪህምኹክን እዩ። ኢሳይያስ ። ፵፫ ፥ ፪ ።

